# ክብረ በዓል መድኃኔ ዓለም ለንደን
# 7 ሚያዝያ 2013 ዓ. ም.

**ኹቡራን መፍቀርቲ መድኃኔ ዓለም**

ኣብ ከተማ ለንደን ሃገረ ዓባይ ብሪጣንያ እትርከብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዘሥርዓተ ግዕዝ፥ ብዕለት 7 ጥቅምቲ 2012 ዓ. ም. ንምእመናና ኣብ ዝገበረቶ ሓፈሻዊ ኣኼባ፥ ዓመታዊ ንግደታ ኣብ በዓል መድኃኔ ዓለም ኪኸውን ሕዝበ ክርስቲያን ብዝመደበ መሠረት፥ ናይ ሎም ዘበን ዓመታዊ በዓል መድኃኔ ዓለም ንሰንበት 7 ሚያዝያ 2013 ዓ. ም. ኪውዕል እዩ። ኣብዚ ዓቢይ በዓል ምሳና ኃቢርኩም ኣብቲ እንገብሮ ጸሎታትን እነዕርጎ መሥዋዕተ ቅዳሴን ክትሳተፉ ብኽብሪ ንዕድመኩም።

<u>**መደባት በዓል ከምዚ ዚስዕብ ኪኸውን እዩ**</u>፡-

- መሥዋዕተ ቅዳሴ ሰዓት 1፡00 ድኅሪ ቐትሪ ይጅምር
- ድኅሪ ቅዳሴ ዑደት
- ድኅሪ ዑደት ጸበል

<u>**ኣድራሻ ቤተ ክርስቲያን**</u>፡- St. Aidan of Lindsfarne RC Church, 85 Old Oak Common Lane, East Acton, W3 7DD http://www.catholicgheez.org/How-to-find-us.php

እቲ ብደሙ ካብ ኃጢኣትና ዘንጽሓናን ብሞቱ ካብ ዘለዓለማዊ ሞት ዘድኃነናን መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ምሕረቱን ጸጋኡን ሰላሙን ምእንቲ ከውርደልና ኃቢርና ንጸሊ።

ኵሉ ኽብሪን ኣምልኾን ውዳሴን ንቅድስት ሥላሴ ሓደ ኣምላኽ፥ እግዚኣብሔር ኣብን፥ መድኃኔ ዓለም ወልድን፥ ቀዳሲና መንፈስ ቅዱስን ይኹን። ኣሜን።

ብደኃን ምጹና።

መራሒ ካህንን ሽማግለን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን መድኃኔ ዓለም
ዘሥርዓተ ግዕዝ ለንደን።